# LIDA Stories

lidastories.net

## ናይ ኣጎስቲኖ ታሪኽ


LIDA Italia
Billie Cejka Risnes
Seyum



This work is licensed under a Creative Commons Attribution 4.0 International License.

https://creativecommons.org/licenses/by/4.0


# ናይ ኣጎስቲኖ ታሪኽ


LIDA Italia
Billie Cejka Risnes
Seyum


5

ትግርኛ ti

ኣጎስቲኖ ይበሃል ወዲ 51 ዓመት እየ። ስርሐይ ብብሽክለታ ምግቢ ምብጻሕ እዩ። ክልተ ኣዋልድ ኣለዋኒ ኮይኑ ግን ብስሩ ኣይነዋግዕን ኢና። ኣነን ኣዲአንን ስለ ዝተፋታሕና ብሓባር ኣይንነብርን ኢና።

ድሕሪ እቲ ፍትሕ ክራይ ገዛ ክኸፍል ዓቕሚ ስለዘይብለይ ምስ ኣደይ እየ ዝነብር። ኣብዚ ከተማ ክራይ ገዛ ኣዝዩ ክቡር እዩ።

ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ኣብ ሓደ ትካል ከም ጽሬት ይዝሰርሕ ነይረ። ዝተበላሸወ ነገራት እጽግን፣ ሳንዱቅ ይሽከም ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝደልየኒ እዋን ድማ ብምሕጋዝ ይሰርሕ ነበርኩ። ሓደ መዓልቲ እቲ ትካል ካብ ስራሕ ኣባረረኒ። ንምንታይ ከም ዝተባረርኩ ኣይተረድኣንን።



ድሕሪ ነዊሕ ግዜ ኩሉ ጻዕርና ፍረ ረኸበ። ሓደ ዓብዪ ናይ ምብጻሕ ትካል ዓቢ መቕጻዕቲ ክኸፍልን ንሰራሕተኛታት ቀዋሚ ስራሕ ክህቦምን ነይርዎ። ኣብ ዝኾነ ክፋል ዓለም ንመጀመርታ ግዜ እዩ እዚ ኣጋጢሙ። ሕጂ ግን ነገራት ምምሕያሽ ዝጀመሩ ይመስል።

ምስ ካብ ካልኦት ትካላት ዝመጹ ኣብ ምግቢ ምብጻሕ ዝሰርሑ ሰባት ብምኧን ምስ ሓደ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ብዛዕባ መሰል ሰራሕተኛታት ዝምልከት ትምህርቲ ወሲደ። ንሳቶም ድማ ብነጻ ሕጋዊ ምኽሪ ይህቡና ነበሩ። ዝያዳ ኣፍልጦን መሰልን ንምርካብ ተቓሊስና።



ብዙሓት ሰባት ብብሽክለታ ምግቢ ከብጽሑ ረኣኹ። ብሽክለታ ክዝውር ስለ ዝኽእል ማዕጾ ናይ ሓደ ዓቢ ምግቢ ኣብ ምብጻሕ ዝሰርሕ ትካል ኣንኳሕኳሕኩ። ንነፍሲ ወከፍ ምብጻሕ ሰለስተ ዩሮ ከም ዝኸፍሉኒ ነገሩኒ። ኣብ መዓልቲ 40€ እረክብ። ኣዝየ ዕድለኛ እንተኾይነን ዓማዊል መቅሹሽ እንተሂቦምኒን 60€ ይረክብ።

ኣብ በዓል ኣይኽፈለንን፣ ኣብ እዋን ሕማም ‘ውን ደሞዝ የለን፣ ኣብዚ ትካል ዳርጋ ፈጺሙ መሰል የለን። እዚ ትኽክል ኣይመስለንን፣ እቲ ስራሕ ግን የድልየኒ እዩ። መብዛሕትኦም እቶም ካልኦት ሰራሕተኛታት እዚ ትካል ካብ መላእ ዓለም ዝመጹ ስደተኛታት እዮም።



ብዙሓት ኣብ ምብጻሕ ዝሰርሑ ሰባት መዓልታዊ ብሓደጋ ይጉድኡ እዮም። ሓደ ግዜ ሓደ ወዲ 25 ዓመት መብጽሒ ምግቢ ብመኪና ተገጭዩ ምስ ሞተ ሰበስልጣን ከስተብህሉና ጀመሩ። እዚ ከይኮነ ክመውት ምኽኣሉ ኣዝዩ ዘሕፍር እዩ።